**ሃገራዊ ጸውዒት ...!**

**ኣብዚ ድሕሪ 2020ዓ.ም.ፈ. ዝተወለዔ ሕድሕድ ኵናት ኢትዮጵያውያን፡ ሰራዊት ኤርትራ እውን፡ ብዕግበት ዘይኮነ'ስ፡ እንታይ ዳኣ፡ ብትእዛዝ ኢሳያስ ኣፈወርቂ፡ ተገዲዱ ይካፈሎ፣ ክሳብ ሕጂ እውን፡ ኣሎ ዝባሃል ሓይሊ ኣኻኺብካ፡ ኣብዚ ንህዝቢ ኤርትራ ዘይምልከቶ፡ ህይወት መንእሰይ ኤርትራ ኣሕሊፍካ ንቐዛፊ ሕድሕድ ኵናት ኢትዮጵያውያን፣ ይዋሃብ ከምዘሎ፡ ዳርጋ ኩሉ ኤርትራዊ ዜጋ ዝቕበሎ ሓቂ እዩ። ኣብዚ ሕጂ፡ ኢሳያስ ኣፈወርቂ፡ ንመንእሰይ ኤርትራ፡ ኣብዚ ዘይምልከቶ፣ ኣብ ናይ ሓዊ ረመጽ ሕድሕድ ኵናት ኢትዮጵያውያን የእቲኻ፡ ከምዝጥጠቕ ንምግባር፡ ምእዛዙ፡ ከተግብሮ ኣብ ናቱ „Play-Book“ ከም መደብ ኣቐሚጥዎ ዝነበረ ኣጀንዳ ስለዝኾነ፡ የተግብሮ ምህላዉ፡ ኣይገርምን እዩ። ሕልሚ ኢሳያስ ኣፈወርቂ፡ ቀጻልነት ዓባይ ኢትዮጵያ ዳኣ እምበር፡ ህላውነት ሓንቲ ልኡላዊት ሃገር ኤርትራ ከምዘይነበረ፡ ኣብዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት ምስ ገለ ናይ ቃልሲ ብጾቱ፡ „ምትካል ናይ ሓባር መንግስቲ ምስ ኢትዮጵያ”፡ ዝብል ሓሳብ የቕርብ ከምዝነበረ፡ ባዕሎም ዝምስክርዎ ሓቂ እዩ። ኮይኑ ግን ሳላ እቲ፡ „<u>ህላውነት ልኡላዊት ሃገር ኤርትራ ናይ ግድን እዩ</u>”፡ ዝብል ጽኑዕ መርገጽ ህዝቢ ኤርትራ፡ ንሕልሚ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ኣፍሺልዎ እዩ። ይኹን ዳኣ እምበር፡ ኢሳያስ ግን ነዚ እኹይ ሕልሙ ክውንንነት ንምግባር፡ ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ክትጽንበር፣ ጉዳይ ኤርትራ ነበረ ያ ነበረ ክኸውን፡ ክብ ምሕላም ስለዘየቋረጸ፡ ነዚ ሕልሚ እዚ ንምዕዋት ክልተ ሰልቲ (ስትራተጂ) እዩ ክኽተል ጸኒሑ።**

**እታ ቀዳመይቲ ስትራተጂ፤ ኤርትራ ብቑጠባዊ ትሕዝቶኣ ኣይትብላዕ ኣይትስተ ከምእትኸውን ምግባር እዩ። እነሆ ኻኣ፡ ስርዓት ኢሳያስ ሕጂ፡ ድሕሪ 30 ዓመት፡ ንህዝቢ ኣብ ቑጠባዊ ትሕዝትኡ ኣዳኺሙ ናብ ለማናይ ቀይርዎ፣ ቑጠባ ኤርትራ ከም ሃገር ካኣ፡ ካብቲ ኣብ ትሕቲ ግዝኣት ሃይለስላሴን መንግስቱ ሃይለማርያም ዝነበረቶ ንታሕቲ ኣንቈልቊላ፡ ኣብ ቑጠባ ፍንሕንሕ ከምዘይትብል ገይርዋ ይርከብ። ኤርትራ ብቑጠባ ፍጹም ከም እተዳኸመት፡ እቲ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ኣብ ዕለት 09. ወርሒ 02. 2020ዓ.ም.ፈ. ዝሃቦ ቃለ-መሕተት ህያው ምስክር ኣዩ። እዚ ኻኣ እታ ቀዳመይቲ ስትራተጂ ከምእታዓወተላ እዩ ዘረጋግጽ። እወ ገለ ወደስቲ ስርዓት ኢሳያስ፡ ናቱ ናይ ቑጠባ ንጥፈታት ከጻባብቅሉ ምእንቲ፡ ኣብዚ፣ ወይ'ውን ኣብቲ፣ ሓጽቢ ሰሪሑ፣ ኢሎም ዝማጎቱ፣ ከም ናይ ቑጠባ ምዕባሌ ገይሮም ናብ ዕዳጋ ከውርድሉ ዝፍትኑ፣ ናይ መዋእል መጣቐዕቲ ኣለዉ። ናዓይ ግን እዚ ሓጽብታት እዚ፡ ዋላ እኳ ማይ ዘዕቘር ይኹን እምበር፡ ኢሳያስ ነቶም ኣብ ፖለቲካዊ ኣርዳድኣኡ ኣሚን ኢሎም ዘይቕበልዎ፣ ፍሉይ ሓሳብ ዘቕርቡ፣ ደቂ ሃገር፣ ሰብ ከይረኽቦም ምእንቲ፡ ሬሳታቶም ክድርብየሉ ዝፋሓሮ ጎዳጉዲ እዩ።**

**ኢሳያስ ኣፈወርቂ እምባኣር፡ እቲ፡ ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ናይ ምጽንባር፡ ሕልሙ ንምትግባር፡ ከምቲ ኣብ ላዕሊ ሰፊሩ ዘሎ፡ እታ ቀዳመይቲ ስትራተጂ ታዓዊቱላ እዩ። ሕጂ ተሪፉቶ ዘላ፡ እታ ካልኤይቲ ስትራተጂ እያ። ንሳ ኻኣ ሰብኣዊ ዓቕሚ ህዝቢ ኤርትራ ምድኻም እዩ። ነዛ ስትራተጂ እዚኣ ንምዕዋት ካኣ፡ ሓቢእዋ ዝንበረ ኣጀንዳ፡ ምኽንያት ሕቶ ዶብ ኣብ „ባድመ” ኣሳቢቡ፡ ኵናት ብምጽሕታር፡ ካብ 1998ዓ.ም.ፈ. ክሰርሓላ ጀሚሩ። ውልቀ-መላኺ ሃገርና፡ ጉዳይ „ባድመ” ኣሳቢቡ፡ ነዛ (ኣብ ማዕከናት ዜና ዓለም፡ ብ-„ክልተ በራሓት ብመመሸጥ ይባኣሱ”፡ እትፍለጥ) ኵናት እዚኣ ክጽሕትር ዝደፋፍኣኦ ቀንዲ ምኽንያታት፡ ሰለስተ (3) ነገር እየን ነይረን። እታ ቀዳመይቲ፤፡ ነታ ኣብ 23. ጉንበት 1997ዓ.ም.ፈ. ብባይቶ ኤርትራ ዝጸደቐት ቅዋም፡ ኣብ ስራሕ ከምዘይትውዕል ንምግባር እዩ ነይሩ። እታ ካለኤይቲ፤ ብምስምስ ጉዳይ ባድመ ኵናት ከሳውር ዘደፋፈኤቶ፡ ምኽንያት ካኣ፡ ነቲ ኣብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ ዝጠፍኤ ትውልዲ ክትክእ፡ ኣብቲ እዋናት'ቲ ዝመጽኤ፡ ብ-ዋርሳይ ዝፍለጥ ሓድሽ ወለዶ፡ ውልቀ-መላኺ ኣብ ስልጣን ናይ ምብሓት ዘለዎ ባህግታት ንኸውሕስ፡ ዕንቅፋት ከይኮኖ ምእንቲ፡ ዓቕሚ ናይዚ መንእሰይ'ዚ ንምድኻም፡ እዩ ነይሩ። ልዕሊ 40.ሺሕ ህይወት መንእሰይ ኤርትራ ኻኣ ቐዚፉ። እታ ሳልሰይቲ ምኽንያት ካኣ፤ እቲ ብመለስ ዜናዊ ዝምራሕ ዝነበረ መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ነታ፡ „ፍጹም ውህደት ኤርትራን ኢትዮጵያን“፡ እትብል ሕልሚ ኢሳያስ ኣፈወርቂ፡ ጸማም እዝኒ ብምሃብ፡ ከምዘይትሰርሕ ስለ ዝገበረ እዩ። ንኣብነት፡ ኣቶ ስብሓት ነጋ፡ ኣብ „Ethio Forum“ ዝግበሮ ቃለ-መሕተት፡ ወያነ „ናይ ኤርትራ ሕቶ፡ ሕቶ ህዝቢ ኤርትራ ዳኣ እምበር፡ ሕቶ ናይ ኢሳያስ ኣፈወርቂ**

አይኮነን፡ ጉዳይ ኤርትራ ብርፍረዶም ህዝቢ ኤርትራ ክምለስ አለዎ”፡ ዝብል ጽኑዕ መርገጽ ከም ዝነበራ፡ እዩ ዝሕብር።

ኮይኑ ግን ኢሳያስ አፈወርቂ ካብቲ፡ ንኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ናይ ምጽንባር፡ ሕልሚ ስለ ዘይተገላገለ፡ ገና አብ 1993ዓ.ም.ፈ. አብ አዲስ አበባ አብ ዝገበሮ ቃለ-መሕተት፡ „ብመገዲ ቑጠባዊ ውህደት ጀሚርካ፡ ብፍጹም ውህደት ኤርትራን ኢትዮጵያን ክዝዘም ተኽእሎ አሎ“፡ ዝብል ሓሳብ ብምቅራብ፡ መጻኢ ዕድል ኤርትራ ከም ልኡላዊት ሃገር፡ አብ ሕልሙ ኢሳያስ አፈወርቂ ከመይ ይመስል፡ ክናዘዝ ተሲሚዑ። ብወገን ብመለስ ዜና ዝምራሕ መንግስቲ ኢትዮጵያ ግን፡ እዚ ሕልሚ'ዚ ተቀባልነት አይረኸበን። ካብ ቂምታ አንጻር መለስ ዜናዊ ተበጊሱ፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ ካብ ኤርትራ ዝኾነ ናይ ቑጠባ ረብሓ ከይህልዋ ምእንቲ፡ ብምኽንያት ባድመ ዅናት ክጽሕትር መሪጹ። ንህዝቢ ኤርትራ ካአ፡ „ወያነ” ዝባሃል ሓድሽ ጸላኢ ብምፍጣር፡ አብ ትሕቲ ጽላል ናይ ዅናት ክነብር፣ መንእሰይ ኤርትራ ኻአ በጀካ ሃገራዊ አገልግሎት፣ በጀካ ናብራ አብ ሰራዊት እንተዘይኮይኑ፡ ካሊእ ናይ ስራሕ ዕድል ከምዘየለ፣ ብምግባር፡ ተስፋ ቖሪጹ፡ ዘፍቅራ ሃገሩን ስድራቤቱን ራሕሪሑ፡ ንስደት ክውሕዝ፣ ፈሪድዎ። አብ ምድኻም ሰብአዊ ዓቅሚ ህዝብና ካአ ሓደ ተራ ተጻዊቱ።

ብተወሳኺ አብዚ አላ ሓንቲ፡ ናዓይ ብዙሕ ግዜ አብ አእምሮይ እተሳሕየኒ፡ ኢሳያስ አፈወርቂ ኤርትራ ናብ ኢትዮጵያ ናይ ምርካብ ሕልሙ ንምዕዋት፡ ብግብሪ ዝሰርሓላ ዘሎ፡ ከም 3ይቲ. ስትራተጂ ገይረ ዝወስዳ፡ ንአንባባይ ከካፍሎ ዝደሊ፡ ከም ሕቶ ገይረ ከቅርባ ዝደሊ ሓሳብ። ኩላትና ደቂ ሃገር ከም እንፈልጦ፡ ሃገርና ኤርትራ አብ 1991ዓ.ም.ፈ. ልእላውነታ ክተረጋግጽ ዝኻአለት፡ ብትካቦ ዘይኮነት'ሲ፡ እንታይ ዳአ፡ ብጅግንነት፣ ብዝተኸፈለ ማእለያ ዘይብሉ ቑጽሪ ህይወት ደቃ እዩ። ሕጂ አብዚ፡ እዚ ኮይኑ እቲ ሓቂ፡ ስለምንታይ እዩ ኢሳያስ አፈወርቂ፡ ነዛ ሃገር እዚአ ንልዕሊ 30 ዓመት ዛአክል አማሓድርዋ ከብቅዕ፡ ዋላ ሓንቲ ጎደና'ውን ትኹን፡ አብ ዓበይቲ ከተማታት ኤርትራ፡ ብሽም እዞም ምእንቲ'ዛ ሃገር እዚአ ዝወደቑ ጀጋኑ ደቃ፡ ክጽዋዕ፣ ንጅግንነቶም ዝምስክርን ዘዘኻኽርን፡ ዋላ ሓንቲ ሓወልቲ'ውን ትኹን ክስራሕ፣ ዘየፍቀደ ..? ስለምንታይ እዩ'ሽ ውልቀ-መላኺ ሃገርና፡ ንሃገርና ንልዕሊ 30 ዓመት ዝአክል ብግዝያዊ መሰጋገሪ መንግስቲ ክትማሓደር መሪጹ ..? አነ እምባአር አብዚ፡ ነዘን ቐሪበን ዘለዋ ሕቶታት ናዓይ ከምዝርዳአኒ መልሲ ክህብ እንተኾይነ፡ ከምዚ ዝስዕብ እዩ ዝመስል። ኢሳያስ አፈወርቂ ሃገርና ኤርትራ ናብ ኢትዮጵያ ከረክባ አብ ሓሳቡ ወዲእዎ እዩ፡ ዝብል ዕግበት እዩ ዘሎኒ። እዚ ስለ ዝኾነ እቲ ፍጹም ሕልሙ ኻአ፡ ድሕሪ ፍጹም ምትሕንፋጽ ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ፡ ንኢትዮጵያውያን ሓንቲ ጅግንነት ደቂ እተጸባርቅ፣ ነዚ ጅግንነት እዚ እንዳዘከረት እትነብር፣ ከም ታሪኽ ዝሰነደት፣ ኤርትራ ከረክቦም ድልየት ስለዘይብሉ እዩ። አብ ዓለምና ዘለዋ ሃገርት፡ በጀካ ኤርትራ፡ አብ ዓበይቲ ከተማታተን ዝርከቡ፡ ዓበይቲ ጎደናታትን ጽርግያታትን፣ አየርፖርት፣ ዓበይቲ ስታድዮም፣ ቤት-ትምህርትታት፣ ሆስፒታላት፣ ወዘተ.፡ ብሽም እቶም/እተን አብ ሃገሮም/ረን ታሪኽ ዝሰርሑ/ሓ ደቂ ሃገር እዮም ዝጽውዑ። ኢሳያስ አፈወርቂ ግን ብአንጻሩ፡ ንዕቀት አብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዘለዎ ንኸርኤ፣ ምስ ታሪኽ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ዘራኽብ ዘይብሉ፡ ሓወልቲ ናይ ሓደ „ፑሽኪን” ዝተባህለ ወዲ ሩስያ፡ አብ ማእከል አስመራ ክትከል አፍቂዱ። እዞም ኩሎም ዝተጠቐሱ ምኽንያታት እምባአር፡ ሕልሚ ኢሳያስ አፈወርቂ፡ ሕልሚ ኢትዮጵያ ዳአ እምበር፡ ሕልሚ ኤርትራ ከምዘይኮነ፡ እዮም ዝሕብሩ።

ካብዚ ቐጺለ እምባር፡ አብቲ ነዛ ጽሕፍቲ እዚአ ክሕንጥጥ ዝደፋፈኤኒ ቀንዲ ምኽንያት ካአተ። ከምቲ ኩላትና ደቂ ሃገር ክንከታተሎ ዝጸናሕና፡ ካብ ዝሓለፈ 4 ዓመታት፡ ማለት ካብ 2018ዓ.ም.ፈ ጀሚሩ፡ አብ ጎረበት ሃገርና፡ አብ ኢትዮጵያ፡ አብ መሪሕነት ይኹን አብ ፖለቲካዊ አጀንዳ፡ ለውጢ ተራእዩ። ብአብይ አሕመድ ዓሊ ዝምራሕ ሓድሽ መንግስቲ፣ ምስ ሓድሽ፡ ብ-„ምድማር” ዝፍለጥ፡ ፖለቲካዊ ፕሮግራም (Programm)፡ አብ ስልጣን መጺኡ። እዚ „ምድማር” ዝብል ሓድሽ ፖለቲካዊ programm ኻአ፡ ናዓይ ከምዝርዳአኒ፡ „ዳግም ትውልዲ (Reincarnation) ናይ ‚አሁዳዊ ፖሊቲካዊ አታሓሳስባ”፡ ናይ ሃጸይ ሃይለስላሴን መንግስቱ ሃይለማርያምን እዩ። እዚ „አሁዳዊ” ፖለቲካዊ አታሓሳስባ ክዕወት ትምኒታት ስለዘሎ ኻአ፡ ቅድም ቀዳድም፡ እቲ ክሳብ እቲ እዋናት እቲ፡ ኢትዮጵያ ክትጥቀመሉ ዝጸንሐት፣ ብዝሕነት ዝመለልይኡ፣ ብ-„ፈደራሊዝም (Federalism) ዝፍለጥ ፖለቲካዊ ምሕደራ

(Political system)፡ ክቕንጸል ኣለዎ። ነዚ ኣጀንዳ’ዚ ንምዕዋት፡ ብሽም ሰላም ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ሓድሽ ናይ ዝምድና ተዋስኦ ኣብይ ኣሕመድ ዓሊ ምስ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ተኸፊቱ።

ኣብ መኽፈቲ ናይዚ ናይ ሰላም ጽውጽዋይ ካኣ፡ ኣብይ ኣሕመድ ዓሊ፡ ኣብ ዕለት 15. 07. 2018ዓ.ም.ፈ፡ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ንናይ-3 ማዓልቲ ዕዶት ኣብ ኣዲስ ኣበባ፡ ኣብ ዝተረኸበሉ እዋን፡ ነዚ „ምድማር” ዝብል፡ ኣሁዳዊ ዝኾነ ፖልቲካዊ ኣታሓሳስባ ክገልጸ እንከሎ፡ „እኔና ኢሳያስ ሲንደመር፡ እኛ ብለን ነው የሚንናገረው። ኤርትራ እና ኢትዮጵያ ሲደመሩ፡ ለአፍሪቃ ስጋት ሳይሆን፡ ተስፋ ነው።”፡ ዝብል ትንተና ከቕርብ፡ ቀጺሉ ካኣ፡ „ከኢሳያስ ጋር ኣሰብ እንካፈላለን”፡ ክብል ተሰሚዑ። ኣብዚ ግዜ’ዚ፡ ኢሳያስ ኣፈወርቂ፡ ነቲ ንሱ፡ ቑጠባ ኤርትራ እንዳ ኣዕነወ፣ ኤርትራ ንኤርትራውያን ዝብሉ ጀጋኑ ደቂ ሃገር እንዳቐንጸለ፣ ተግባራዊ ክኸውን፣ ንዓመታት ዝሰርሓሉ ዝነበረ ሕልሚ፣ ካብቲ ንመንግስቲ ኢትዮጵያ ክመርሕ፡ ኣብ ስልጣን ዝመጽኤ ሓድሽ መራሒ፡ ብሽም „ምድማር”፡ ኣንድነታዊ” ዝኾነ፣ ናይ ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያን ናይ ምጽንባር ትምኒት ዘለዎ፣ ኣታሓሳስባ ከምዝውንን፡ ካብ ኣፍ ክወጽእ ሰሚዑ። ድሕሪ’ዚ ኢሳያስ ናይ ሓጎስ ስምዒቱ ክቖጻጸሮ ስለ ዘይካኣለ፡ ንህዝቢ ኤርትራ፡ ኣርእይዎ ዘይፈልጥ ስምዒት፡ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ኣፍልቡ እንዳሃረመ፡ ኣእዳዉ እንዳሳዓመ፡ ምስጋናን ናእዳን ከቕርብ ተራእዩ። ካብዚ ቀጺሉ ካኣ፡ „ህዝቢ ኤርትራን ህዝቢ ኢትዮጵያን ክልተ ህዝቢ እዩ፡ ኢሉ ዝዛረብ ሰብ፡ ነቲ ሓቂ ዘይፈልጥ እዩ”፡ ብምባል፡ ብሓደ ሸነኽ፡ ኣብ ልዕሊ እቲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ከም ህዝቢ ክልለ፡ ልዕሊ 30 ዓመት ህይወት ብሉጻት ደቁ ዝኸፈለሉ ቃልሲ፡ ጥልመቱ ከመስክር እንከሎ፡ በቲ ካሊእ ሸነክ ግን፡ ንሕልሙን ሕልሚ ዶር/ ኣብይ ንምትግባር ዓጋቲ ሓይሊ ከምዘየለ ሓቢሩ።

ኣብ ዕለት 04. 11. 2020ዓ.ም.ፈ. ካኣ፡ ነቲ „ኤርትራን ኢትዮጵያን ንምድማር” ዓንቃፊ ክኾነና ይኽእል እዩ ኢሎም ዝጥርጥርዎ ሓይሊ ንምቕጻይ፡ ኢሳያስ ኣፈወርቅን ኣብይ ኣሕመድን ተሰማሚዖም፡ ኲናት ኣንጻር ተጋሩ ከፊቶም። ኣብዚ ዝተወለዔ ሕድሕድ ኲናት ኢትዮጵያውያን፡ ንኢ.ኢሳያስ ኣፈወርቂ፡ ነቲ ንሱ ካብ 1998ዓ.ም.ፈ. ጀሚሩ ክሰርሓሉ ዝጸንሔ መደብ፡ ምድኻም ሰብኣዊ ዓቕሚ ህዝቢ ኤርትራ፣ ንምትግባር ባይታ ስለዝፈጠረ፡ ብዘይ ናሓፍነት፡ ካብ በይናዊ ውሳኔ ተበጊሱ፡ መንእሰይ ኤርትራ ቀለብ ዓረር ሕድሕድ ኲናት ኢትዮጵያውያን ክኸውን፣ ኣብ ንረብሓ ህዝቢ ኤርትራ ዘየገልግል ሕድሕድ ኲናት ኢትዮጵያውያን ክካፈል፣ ህይወቱ ንኾንቱ ክኸፍል፣ ኣዚዝዎ። እነሆ ኻኣ ሕጂ እዚ፡ ማእለያ ዘይብሉ ህይወት ናይቲ ብዘይ ሕጋውን ፍትሓውን ርትዓውን መንገዲ ተገዲዱ ዝተዓስከረ ሰራዊት ኤርትራ ዝበልዕ ዘሎ፡ ሕድሕድ ኲናት ኢትዮጵያውያን፡ ካላኣይ ዓመቱ ሒዙ። ውጽኢቱ ካኣ፡ እነሆ በዚ ናይ ሓዊ ረመጽ ሕድሕድ ኲናት ኢትዮጵያውያን መንእሰይ ኤርትራ ተጸንቒቑ፡ ኣቦታት ምስ ደቆምን ደቂ ደቆምን ተገዲዶም ኣብ ዕስክርና ብምእታው፡ ናይ ቂምታ ስምዒት ሓደ ውልቀ-መላኺ ንምርዋይ፡ ኣብዘይምልከቶም ኲናት ኣትዮም ክበርሱ፣ ዝቐብሮም ተሳኢኑ፡ ቀለብ ኣራዊት ክኾኑ፡ ንሰምዕ ኣሎና።

ኢሳያስ ኣፈወርቂ ንህዝብና ኣብዘይምልከቶ ሕድሕድ ኲናት ኢትዮጵያውያን የእትዩ ከምዝዳኸም ዝገብሮ ዘሎ፡ ነታ ካልእይቲ ስትራተጂ ንምዕዋት፡ እዚ ማለት ካኣ፡ ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስክዎ፡ ሰብኣዊ ዓቕሚ ህዝቢ ኤርትራ ኣዳኺምካ፡ ኣብ መጨረሻ ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ከም እትጽንበር ንምግባር እዩ። እቲ ሰብ ንኽርድኦ፡ ኣንተ ተረዲእዎ ኻኣ፡ ንኽቅበሎ ብጣዕሚ ዘሸግር ነገር ግን፡ ናይዞም፡ ብሓደ ሸነኽ፡ „ንሕና ደለይቲ ፍትሒ ኢና፣ ኣብ ኤርትራ ዲሞክራሲያዊ ስርዓት ክረጋገጽ ኢና ንቃለስ ዘሎና”፣ ዝብሉ፡ በቲ ኻሊእ ሸነክ ካኣ፡ „ንሕና ሃገራውያን ስለዝኾና፡ ኣብ ጎድኒ ሰራዊትና ኢና ዘሎና”፡ ካብ ዝብል ምኽንያት ተበጊሶም፣ ነዚ ብውሳኔ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ሰራዊት ኤርትራ ክካፈሎ ከምዘለዎ ዝተገብረ፣ ንህዝቢ ኤርትራ ዘይምልከቶ፣ ህይወት መንእሰይ ኤርትራ ዝቐዝፍ ዘሎ፣ ሕድሕድ ኲናት ኢትዮጵያውያን፡ ክድግፍዎን፡ ከተባብዑን ክትሰምዕ እንከለኻ እዩ። እዞም፡ „ምውሓስ ዶባት ልኡላዊት ሃገር ኤርትራ” ዝብል ምኽንያት ከም ሽፋን ተጠቒሞም፡ ግን ካብ ክቱር ጽልኢ ኣብ ልዕሊ ወያነ (ተጋሩ) ተበጊሶም፡ መንእሰይ ኤርትራ ኣብዚ ሕድሕድ ኲናት ኢትዮጵያውያን የእቲኻ ክደሚ፣ ሰብኣዊ ዓቕሚ ህዝቢ ኤርትራ ክዳኸም፣ ከምዘለዎ ንኽገብር፡ ንእሳያስ ኣፈወርቂ ዘፍቅድሉ ዘለዉ፡ ደለይቲ ፍትሒ ኢና ባሃልቲ፡ ኣብ ክልተ ጋንታ (Grup) እዮም ዝኽፈሉ። እቲ ቀዳማይ፡ እቲ ዕስክርና ኣብ ትሕቲ ስርዓት ኢስያስ ኣፈወርቂ ኣጽሊእዎ፣ ህይወቱ ንምውሓስ፣ ብረቱ ደርብዩ፣ ኣብ ስደት ዑቕባ ዝሓተተ መንእሰይ ኤርትራ ክኸውን እንከሎ፡ እቲ ካላኣይ ጋንታ ኻኣ፡ ኣብ ስደት ዝነብሩ ኣቦታት ኣደታት፡

ንደቕም ካብ ሕቑፎኦም ከየልገሱ፡ ደቆም ተማሂሮም ዝሓሸ ደረጃ ክበጽሕሎም ዝከናኸኑ፣ ደቂ እቲ ኣብ ሃገርና ዘሎ ድኻ ህዝብና ግን፡ ኣብ ዘይምልከቶ፣ ሕድሕድ ሾናት ኢትዮጵያውያን፡ ኣትዩ፡ ህይወቱ ክኸፍል፣ ዘተባብዑ እዮም። ብኻሊእ ኣዘራርባ፡ እዞም ሰባት እዚኣቶም፡ ኣጀንዳ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ንኽዕወት፡ „ዘይስንኻ ጸጸር ቖርጥመሉ"፡ ዝብል ተበላጺ መርገጽ ክወስዱ ዝመረጹ፡ ሕልና ኣልቦ፡ እዮም።

እቲ ናዓይ፡ ክሰምየ ኣንከለኹ፡ ንምእማኑ ብጣዕሚ ዘሸግረኒ ዝነበረን ዘሎን ግን፡ ናይ ገለ ውድባትን ስልፍታትን፡ ናይዘን ክሳብ 2018ዓ.ም.ፈ.፡ ብ-ሰንዓ ፎሩም (ብመንግስቲ ኢትዮጵያ፣ ሱዳን፣ የመን ዝተመስረተ ትካል) እንዳተመወላ፡ ኣብ ኢትዮጵያ ቤት-ጽሕፈት ከፊተን፣ ክፉል መሬት ልኡላዊት ሃገር ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ቑጽጽር፡ (ብህወሓት ዝምራሕ) መንግስቲ ኢትዮጵያ ምህላዉ እንዳፈለጣ፡ ግን ኣፊን ከይከፈታ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ን-10ተታት ዓመታት ዝዕንድራ ዝነበራ፡ ሕጂ ግን ድሕሪ 2020ዓ.ም.ፈ.፡ „ንሕና ሃገራውያን ስለዝኾና፡ ኣብ ጎድኒ ሰራዊትና ኢና"፡ ዝብል ምኽንያት ብምቅራብ፡ ተኻፋልነት ሰራዊት ኤርትራ፡ ኣብ ንህዝቢ ኤርትራ ዘይምልከቶ፣ ማእለያ ዘይብሉ ቑጽሪ ህይወት መንእሰይ ኤርትራ ዝበልዐ ዘሎ፣ ሕድሕድ ሾናት ኢትዮጵያውያን የተባብዓ፣ ብኢደ ኣዙር፡ ኣጀንዳ ስርዓት ኢሳያስ ይድግፉ፣ ምህላወን እዩ። እዘን ውድባት/ሰልፍታት እዚኣተን፡ ኣብ ገለ እዋን፡ ብመንግስት ኢትዮጵያ ዝምወል፣ ብ-„ምሕዝነት"፣ ድሕሪ'ዚ ኻኣ „ኪዳን"፣ ኣብ ከባቢ 2010/11ዓ.ም.ፈ. ኻኣ ብ-„ባይቶ" ዝፍለጥ ጽላል ተኺለን ኣብ ዝንቐሳቐሳሉ፣ መራሕተን ኣብ ኣዲስ ኣበባ፡ ኣብ ዓበይቲ ሆተላት ኣብ ዝዓርፍሉ፣ ብላንድ ክሮሰር ኣብ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ኣብ ሸናዕ ዝብልሉ፣ ዝነበረ እዋናት፡ ነቲ ካብ 2001ዓ.ም.ፈ. ጀሚሩ ክሳብ 2020ዓ.ም.ፈ. ኣብ ትሕቲ ቅጽጽር መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝነበረ፡ ክልላት ልኡላዊት ሃገር ኤርትራ ዋላ ሓንቲ ማዓልቲ፣ ብጌጋ እውን ትኹን፣ ኣፊን ከፊተን፡ ብወግዒ፣ ክጣበቃሉ ተሰሚዔን ኣይፈልጣን። እኳ ዳኣ በንጻሩ፡ „ብ-ስትራተጂካዊ ዝምድና"፡ ዝፍለጥ ሓሳብ ኣማዕቢለን፡ ምስ (ብህወሓት ዝምራሕ) መንግስቲ ኢትዮጵያ ኮይነን፡ ንስርዓት ኢሳያስ ኣፈውርቂ ከፍርሳ ዝሓልማሉ እዋን ኣዩ ነይሩ። ሕጂ ዳኣ እሞ፡ ድሕሪ 2020ዓ.ም.ፈ. እንታይ ስለዝተረኽበ እዩ፡ ነቲ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ሰብኣዊ ዓቅሚ ሕብረተሰብ ኤርትራ ንኽዳኽም ተብሂሉ፡ ንሰራዊት ኤርትራ ኣብ ዘይምልከቶ ሕድሕድ ሾናት ኢትዮጵያውያን እንዳጠበሰ፡ መንእሰይ ኤርትራ ዘጽንተሉ ዘሎ ናይ ጥፍኣት ሾናት፡ „ልኡላውነት ሃገር ኤርትራ ንምውሓስ እዩ"፡ ዝብል ዘንተ ሞጎት ብምቅራብ፡ ከጻባብቃሉ ዝፍትና ዘለዋ ...? ናዓይ ከምዝርዳኣኒ ግን፡ እዘን ውድባት/ሰልፍታት እዚኣተን፡ ነዚ ናይ ጥልመት ተግባራት ኢሳያስ ኣፈወርቂ ከም ቅዱስ ገይረን ናብ ዕዳጋ ከውርዳ ዝፍትና ዘለዋ፡ ከብ „ፖለቲካዊ ዕግበት፣ ካብ ፍቕሪ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ" ዘይኮነ'ስ፡ እንታይ ዳኣ፡ መበገሲኤን „ፖለቲካዊ ዕጥራን" እዩ፡ ዝብል ዕግበት እዩ ዘሎኒ።

ኣነ፡ ኢሳያስ ኣፈወርቂ „ቂምተኛ ዳኣ እምበር ፖለቲከኛ ኣይኮነን፡ ዝብል ዕግበት እዩ ዘውንን። ንሕና ኤርትራውያን፡ መበገሲ ተግባራት ናይዚ ሰብ'ዚ፡ ዘለዎ ናይ ቂምታ ስምዒታቱ ንምርዋይ ዳኣ እምበር፡ ካብ ንህዝብን ሃገርን ኤርትራ ዘርብሕ ፖለቲካዊ ምኽንያታት ከምዘይኮነ፡ ክንፍትሾ ዘሎና ነጥቢ እዩ። ካብ ፖለቲካዊ ራኤን ዕግበትን ተበጊሱ ህዝብን ሃገርን ዝመርሕ ነይሩ እንተዝኸውን፡ ብቀዳምነት ንነብሱ ከም መራሒ ሃገር ይኹን፡ ነቲ ንሱ ዝተኸሎ ምሕደራ፡ ሕጋውነት ከልብሶ ምተገደደ ነይሩ። ንነብሱ ኣብ ትሕቲ ግዝኣት ሕጊ ተቐይዱ፡ ህዝብን ሃገርን ብሕጊ ዝመርሕን ዝኣልን ነይሩ እንተዝኸውን፡ ህዝቢ ኤርትራ ብቅዋማዊ መንግስቲ ዳኣ እምበር፡ ክሳብ ሕጂ ብግዝያዊ መንግስቲ ኣይምተማሓደረን ነይሩ። ካብ ኩሉ ኻኣ፡ እቲ ኣብ 23 ግንቦት 1997ዓ.ም.ፈ. ብባይቶ ኤርትራ ዝጸደቐ ቅዋም ሃገር ኤርትራ፡ ምዕራፍ 5. ዓንቀጽ 41. ቑጽሪ 3. „ሓደ ሰብ ካብ ክልተ ግዜ ንላዕሊ ንፕረዚደንትነት ኣይምረጽን"፡ ስለዝብል፡ ብመሰረት እዚ ሕጊ እዚ፡ ኢሳያስ ክሳብ ሕጂ ኣብ ስልጣን ኣይምጸንሔን፣ ኣብዚ ኹሉ ዓዘቕቲ ናይ መሪር ናብራ እውን እይማኣተናን። እቲ ብምኽንያት „ባድመ" ዝተጻሕተረ ሾናት ናይ 1998ዓ.ም.ፈ. እውን እንተኾነ፡ ብመሰረት ምዕራፍ 4. ዓንቀጽ 32. ቑጽሪ 6. ብባይቶ ዳኣ ምታኣወጀ ነይሩ እምበር፡ ብስንኪ በይናዊ ውሳኔ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ልዕሊ 40.ሽሕ ህይወት ኤርትራዊ/ት ኣይምተቐዘፈን።

ህዝቢ ኤርትራ ግን፡ ዋላ እኳ ኣብ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ዝጻሕተሮ ሾናት፡ ናይ 1998 — 2001ዓ.ም.ፈ.፡ ዕጭኡ ኮይኑ ክንድዚ ዝኣክል ህይወት ደቑ ክኸፍል ይገደድ እምበር፡ ነቲ „ኤርትራ ናይ ኤርትራውያን

እያ” ዝብል መርግጽ ብጽንዓት ስለዝተኻላኸለሉ፡ ሕልሚ ውልቀ-መላኺ ሃገርና ኣፍሽልዎ ነይሩ እዩ። እዚ ኮይኑ እቲ ሓቂ፡ ኣብ 2018ዓ.ም.ፈ. ግን፡ ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስክዎ፡ ከም ናይ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ሕልሚ ዝሓልም፣ „ምድማር” ዝብል ፖለቲካዊ ኣጀንዳ ዝተዓጠቐ፣ ኣብይ ኣሕመድ ዓሊ ዝምራሕ፣ ኣብ ኢትዮጵያ ሓድሽ መንግስቲ ስለዝተወለደ፡ እዚ መሪሕነት'ዚ ብሽም „ምኽባር ሕጊ” ብዕለት 04/11/2020ዓ.ም.ፈ. ኲናት ኣንጻር ተጋሩ ጀሚሩ። ቅድሚ እዚ ሕድሕድ ኲናት ኢትዮጵያውያን ምጅማሩ፡ ኣብይ ኣሕመድ ዓሊ፡ ኣብ ዕለት 07. ወርሒ 05. 2020ዓ.ም.ፈ.፡ ኣብ ዝገበሮ ጋዜጣዊ ሕቶን መልስን፡ ብሓደ ጋዜጠኛ ብዛዕባ ምፍንጫል ትግራይ ካብ ኢትዮጵያ ምስተሓተተ፡ „ኣይኮነን ዶ ሓደ ክልል ካባና ክፍንጨል፡ እታ ቅድሚ ሕጂ ዝተፈልየት'ውን እንተኾነ፡ ናብ ዝነበረቶ ክትምለስ፡ መደብ ሰሪዕና ኣለና”፡ ዝብል መልሲ ክህብ ተሰሚዑ። እዚ ኻአ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ጥራይ ዘይኮነ'ስ፡ ኣብይ ኣሕመድ ዓሊ'ውን እንተኾነ፡ ማለት ክልቲኦም መራሕቲ፡ ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ናይ ምጽምባር፡ ሕልሚ ከምዘለዎም እዩ ዘረጋግጽ። ስርዓት ኣስመራ፡ ናይ ዶብ ሽግር ብሰላም ክፈትሖ ዕድል እንዳሃለወ እንከሎ፡ ግን ሰብኣዊ ዓቅሚ ሕብረተ-ሰብ ኤርትራ ዘዳኽመሉ ኣጋጣሚ ናይ ሕድሕድ ኲናት ኢትዮጵያውያን ስለዝተፈጠረ፡ ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ናይ ምጽንባር ሕልሙ ክውንነት ንምግባር፡ ሰራዊት ኤርትራ ኣብዚ ንዕኡ ዘይምልከቶ ሕድሕድ ኲናት ኢትዮጵያውያን ክሳተፍ ኢሳያስ ኣፈወርቂ በይናዊ እዚ ኣማሓላሊፉ። ክሳብ ሕጂ ኻአ፡ ናይ ቂምታ ስምዒት ኢሳያስ ኣፈወርቂ ንምርዋይ፡ ብቑጽሪ ንኽትገልጾ ዘስካሕክሕ ህይወት ኤርትራዊ ኣብዚ ንህዝቢ ኤርትራ ዘይምልከቶን ዘይረብሓሉን ኲናት'ዚ ይጠፍእ ኣሎ።

ወዮ ዳኣ ንሕና፡ ኣብ ስደት እንነብር ዘሎና ኤርትራውያን፡ ኣብ መንጎና ናይ „ዩሁዳ ኢስቓርዮስ ባህርያት”፡ ሓሶትን ጥልመትን ኣብ ልዕሊ እቲ ኣብ ሃገርና ዝነብር ህዝብና፣ ከም ባህሊ ኣታኣታቲናዮ፣ ኾይና እምበር፡ ሓቂ ክንዛረብ እንተኾይኑ፡ ብሰንኪ ተኻፋልነት ሰራዊት ኤርትራ ኣብ ሕድሕድ ኲናት ኢትዮጵያውያን መንእሰይ ኤርትራ እንዳተጸንቐቐ ይኸይድ ስለዘሎ፡ እነሆ ካአ ስርዓት ኣስመራ ሕሉፍ ሓሊፉ፡ ዕድመ ዝደፍኡ ኣቦታት፣ ምስ ደቆምን ደቂ ደቆምን ቀለብ ዓረር ክኾኑ፡ ኣብ ንህዝብን ሃገርን ኤርትራ ዘይምልከቶ፣ ኣብ ረመጽ ናይ ኲናት ክጥጠቑ፡ ይልእኽ ኣሎ። ንስኻትኩም ካአ፡ ኣንቱም ትማሊ ናብራ ዕስክርና ኣብ ትሕቲ ውልቀ-መላኺ ሃገርና መሪርኩም ስደት ዝመርጽኩም፣ ኣንቱም ተቓለስቲ „ንዲሞክራስን ፍትሕን ኢና” ባሃልቲ፡ መራሕቲ ኹሉ ኣባላት ውድባት/ሰልፍታት፣ ኮይኑ ግን ተሳታፍነት ሰራዊት ኤርትራ ኣብዘይምልከቶ ኲናት፡ ንረብሓ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ እዩ፡ „ሃገራውያን ስለዝኾና ኻአ፡ ኣብ ግድኒ ሰራዊትና ኣሎና”፡ እንዳበልኩም፡ ንኲናት ትድብሉ ዘለኹም፡ ካብ ጽኑዕ ዕግበት ዘይኮነ'ስ፡ እንታይ ዳኣ መበገሲኡ „ምስልዩነት”፣ ካብ „ዘይስንኻ ጸጸር ቖርጥመሉ”፡ ዝብል ተበላጺ መርገጽ እዩ፡ ባሃላይ እየ። ኣይፋልናን፡ ከምዚ ዝኣመሰለ ዕግበት ክንውንን ዝገበረና፡ ካብ ሕልየት ንህዝብን ሃገርን እዩ፡ ባሃልቲ እንተኾይንኩም ግን፡ ሃየ እምባአር፡ ደቂ'ዚ፡ ከምዚ ከማኹም ንስደት ክሃድም ዕድል ዘይረኸበ፡ ህዝቢ እዚ፡ ኣብዘይምልከቶ ኲናት ይረግፍ ስለዘሎ፡ „ሃገር ትጽውዕ ኣላ” እዚ ንናይ ቒምታ ስምዒት ኢሳያስ ኣፈወርቂ ንምርዋይ ተብሂሉ፡ ኣብ ሕድሕድ ኲናት ኢትዮጵያውያን ዝኸፈል ዘሎ ህይወት መንእሰይ ኤርትራ ከብቅዕ፣ ከም ናይ 2018ዓ.ም.ፈ.፡ ደጊምና „ይኣክል” ክንብል።

ክቡራት ኣሕዋትን ኣሓትን ደቂ ሃገር፡ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ልዕሊ 30 ዓመት ህዝብናን ሃገርናን ኣማሓዲሩ ከብቅዕ፡ ውጽኢቱ፡ ኣብ ዕለት 09. ወርሒ 02. 2020ዓ.ም.ፈ.፡ ኣብ ዝገበሮ ቃለ-መጠየቕ፡ „ቀደም ዝነበራ ናይ ቖርበት፣ ናይ ጥርሙዝ፣ ናይ ዓለባ. ፋብሪካታት ወዘተ.፣ ዓንየን፣ ናይ ኤለትሪክ ሓይሊ፡ ካብ ዝሓመቐ፡ ናብ ዝኸፍኤ ተሰጋጊሩ፣ ሉል ተብሂለን ዝጽዋዓ ዝነበራ ወደባት፡ ዓሰብን ባጽዕን፡ የለዋን”፣ ዝብል መግላጽ ብምሃብ፡ ዘጋጠመ ናይ ቑጠባ ዕንወት ንኤርትራ ኣብ ትሕቲ መሪሕነቱ፡ ከም መርድእ ኣስሚዑና። ቀጺሉ፡ „ነዚ ፈሪሱ ዘሎ ኹሉ፡ ሎሚ ዓመት ክነዔርዮ መደብ ኣውጺእና ኣለና”፡ ኢሉ መብጽዓ ኣትዩ ከብቕዕ ግን፡ ኣብ ዕለት 04. 11. 2020ዓ.ም.ፈ. ካአ፡ ተሳታፍነት ሰራዊት ኤርትራ ኣብ ሕድሕድ ኲናት ኢትዮጵያውያን ኣበሲሩ። እዚ ኻአ፡ ኢሳያስ ኣፈወርቂ፡ ታሪኹ ተበላሽዩ ኣብ ክዕረየሉ ዘይኽእል ደረጃ ስለዝበጽሐ፡ ታሪኽ ኤርትራ ህዝባን ኣባላሽዩ ከኸይድ ብዕላማ እዩ ዝሰርሕ ዘሎ። ስለዚ ኣብዘን ተሪፈነኦ ዘለዋ ውሕዳት ዕድሜኡ፡ በጀካ ህውከትን፡ ኲናትን ወረ ኲናትን፣ ኣብ መጨረሻ ካአ

**ጥፍኣት ሃገርና ጥራይ እንተዘይኮይኑ፡ ጽቡቅ ከበስረና ስለዘይክእል፡ ድሕሪ ሕጂ፡ ኣብ ክንዲ ደድሕሪ ኣጀንዳ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ኮለል ንብል፡ ንድሕነት ህዝብናን ሃገርናን ክንሰርሕ ሃገርና ትጽዋዓና ኣላ።**

**ዘላኣለማዊ ዝኽሪ ልኡላዊት ሃገር ኤርትራ ዘረጋገጹልና**

**ውድቀት ንኢሳያስ ኣፈወርቅን መሻርኽትን**

**ኣስፋሃ ተስፋሚካኤል 25.11.2022**